# መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሕርጊጎ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ከፊላዊ ኣገልግሎት ኪህብ ክጅምር እዩ።

----------- 0 ---------------

መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሕርጊጎ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ብኸፊል ኣገልግሎት ክህብ ከም ዝጅምር ኣካያዲ ስራሕ እቲ ትካል ኢንጅነር ሃብቱ ገብረኣምላኽ ገሊጹ።

እቲ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝጅመር ቀረብ ኤሌክትሪክ፡ ብኽልተ ካብተን ዝተተኽላ ኣርባዕተ ጀነረተራት ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመትዚ ድማ ብምሉእ ዓቕሙ ኣገልግሎት ክህብ እዩ። ምጅማር ናይዚ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ድማ፡ እቲ ብኣውፈርቲ ከም ቀዳማይ ረቛሒ ዝሕተት ቀረብ ጸዓት ውሑስ ከምዝኸውን ካብ መርበብ ሓበሬታ ሻዕብያ ዝተረኽበ ዜና ኣፍሊጡ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሃገርና ዝጸንሐ ሕጽረት ጸዓት፡ ኣውፈርቲ ትካላቶም ኣብ ከባቢ ኣስመራ ክሓጽርወን ከምዝጸንሑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እዚ 88 ሜጋ ዋት ሓይሊ ዘመንጩ መደበር ኤሌክትሪክ ንዝርግሐ ወፍርን ምዕሩይ ምዕባለን ሃገርና ሓጋዚ ኽኸውን ትጽቢት ይግበረሉ።

ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሕርጊጎ ኣዝዩ ሕሱር ዝዓይነቱ ነዳዲ ዝጥቀም ብምዃኑ፡ ካብተን ኣብዚ እዋን ዘለዋ ብጻዕዳ ናፍታ ዝሰርሓ ጀነረተራት፡ ዝወሓደ ወጻኢ ከምዝህልዎ እቲ መርበብ ሓበሬታ ብተወሳኺ ሓቢሩ። ብዘይካዚ እቲ መደበር ኤሌክትሪክ፡ ሓደ ስርዓተ ዕደላ ኤሌክትሪክ ስለዘተኣታትው ንውሽጣዊ ኣሰራርሓ በዓል መዚ ኤሌክትሪክ ኤርትራ ከቃልሎ እዩ።

እቲ ብኩወይት፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ኣቡዳቢ፡ ባድያ፡ ኦፐክ፡ መንግስቲ ጥልያንን መንግስቲ ኤርትራን ዝተመወለ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሕርጊጎ፡ ኣብ 1999 ዓ.ም. ክውዳእ እኳ እንተነበሮ፡ ብሰንኪ ወራር ወያነ ተደናጒዩ ከምዝጸንሐ ዝፍለጥ እዩ። ወያነ ኣብ እዋን ሳልሳይ ወራር ኣብቲ ትካል ብዘካየዶ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ከፊላዊ ጉድኣት ወሪዱ ነይሩ።

--------- ኣዜኤ ---------